# ፩ ሰንበት ዘፍልሰታ

## 7 ነሓሰ 2015 ዓ.ም. (8/13/2023.



ተጋብኡ በቅጽበት ለግንዘተ እሙ ቅድስት ብፁዓን ሓዋርያት ቦኡ ኃቤሃ በሰላም አምኁ ኪያሃ በስብሓት ገነዙ ሥጋሃ (ዚቅ ዘፍልሰታ)።

መዝሙር፡ ዮም ንወድሳ ለማርያም...በቲ ካብአ ዝተወልደ መንክር ግርማ ኀይለ ልዑል ዘጽለላ ኀይታ ሰንበት አቦ ምሕረት ዝኾነ ሎሚ ንማርያም ንውድሳ አብ ማሕጸና ጾሮቶ።ንሱ ቀደሳ ዘገርም ኃይሊ ልዑል አጽለላ ብሓቂ መላእኽቲ ዓጀብዋ።

ንባባት፡ ቆላ 1፡24-28፥ 1ጴጥ 1፡6-12፥ ግ.ሓ. 1፡12-15፥ ሉቃ 10፡38-42

ምስባክ፡ እምነ ጽዮን ይብል ሰብእ ወብእሲ ተወልደ በውስቴታ፥ ወውእቱ ልዑል ሣረራ አሕዛብ አብአ ስለ ዝተወልዱ አደና ጽዮን ይብልዋ፥ እቲ ልዑል ኸጽንዓ እዩ (መዝ. 87፡5)።

ካብ 1-16 ነሓሰ ዘሎ ጊዜ ብፍሉይ ንዝኽሪ ፍልሰታ ለማርያም ብጸሎትን ምህልላን ጾምን እነሕልፎ እዋን እዩ። ጾመ ፍልሰታ ወይ ጾመ አርድእት እውን ይብሃል እዩ። ምእንቲ ክብሪ ማርያም ናብ ብዓል ፍልሰታ ንምስንዳው እንገብሮ ክልተ ሳብዕቲ እዩ። ድንግል ማርያም ከም ወዳ ብሥግአ እውን ካብ ሙታን ከም ዝተንሥኤት እሞ ብመላእኽቲ ተዓጂባ ናብ ሰማይ ከም ዝፈለሰት ዘኪርና ነብዕሎ።

ፍልሰታ ለማርያም ሓደ ካብቲ ፍሉይ ዝገብሮ አምላኽ ንሓደ ወዱ በቲ ባዕሉ ዝገበረላ ጸጋን ባዕላ አብ ሕይወታ ብዘርአየቶ ሰናይ ግብርን ካብዚ ዓለም ምስ ተፈልየት አብ መወዳእታ ንሰማይ ፈሊሳ ምስኡ አብ ግርማ ክብሩ ተቐሚጣ ስለ ዘላን ንአና ደቃ አብቲ ንሳ ዘላቶ ክንመጽእ ከምእትሕግዘና ክንሓስብ እዩ። ሓደ ካብቲ ፍሉይ መለልዪ ማርያም ትሕትና እዩ። ነቲ ኹሉ አምላኽ አብአ ዝገበሮ እናፈለጠት እንከላ ንኹሉ አብ ልባ ትሕዞ ከም ዝነበረት ሉቃስ ወንጌላዊ አብ 2፡19 ይነግረና። ሰባት ሓደ ዓቢ ነገር እንተረኺብና ወይ እንተ ገበርና ክርአየልና ስምና ክብ ክብል ኢና እንደሊ ማርያም ግን ትሕትና ገራ አደ አምላኽ ከም ማንም ሰብ ኮይና እያ ትነብር ነራ። ሉቃስ ቀጺሉ ነቲ ኹሉ ወዳ ምስ ወለደት ዝተጓነፋ ስደትን ውርደትን ከምኡ አብ መስቀል ክመውት ምስ ረአየት አየማረረትን እኳድአ ምእንቲ ድሕነትና አብ መስዋዕቱ ምእንታና ተሳቒያ ነዚ ኹሉ እውን አብ ልባ ትሕዞን ተስተንትኖን ነራ።

ማርያም አብ ምስጢር አምላኽ ተሳቲፋ ንድላይ አምላኽ ፈሊጣ ዝበለኩም ግበሩ እናበለት ነቲ ካብ አምላኽ ዝንገር ክንፍጽም ትነግረና። ንሳ ነቲ ብፍጡራት ክትሓዝ ዘይክአል አብ ከርሳ ሒዛቶ ኩሉ ሰብአዊ ባህሪ ካብአ ወሲድዎ ከም ኩለን አደታት እንታይነት ወዳ ትፈልጥ ነራ እንተ ኾነ ነዚ ኹሉ ከም ማንም ብትሕትና እያ እተስተማቕሮ ነራ እዚ እዩ ሎሚ ክነስተንትኖ ተደልዩ ዘሎ። ብትሕትና አብ አምላኽ ቀሪብካ ምኽአል።

አብዚ ፩ይ ሰንበት ዘዘመነ ፍልሰታ እምብአር ጋሻና ንዝኾነ ክርስቶስ ብትሕትናን አኽብሮትን ክንቅበል አደና ቤተ ክርስትያን ትሓተና አላ። ማርያም አደና መልአኽ አደ አምላኽ ክትከውን

መደብ ኣምላኽ ምስ ነገራ ከም ዝበልካዮ ይኹነለይ እናበለት ንቃል ኣምላኽ ዝኾነ ወልድ ኣብ ከርሳ ክትቅበሎ ሕራይ ኢላ ተቐቢላቶ። ሕይወታ ምስኡ ሓደ ገራ ኣብ ኩሉ ምስኡ ተጓዒዛ በዚ ቀዳመይቲ ሓዋርያ ትብሃል። ንኣምላኽ ከም ጋሻና ክንቅበል እንከሎና ፍሉይ ጸጋን በረኸትን እዩ ዝወርደና። ኣምላኽ በብእዋኑ ብዝተፈላለየ መገዲ ኣብ ሕይወትና ከም ጋሻ ይመጽኣና ክንቅበሎ ክነለልዮ ይግብኣና።

ንሰባት ብጽቡቕ ምቕባል ሓደ ካብቲ ክንገብሮ ዘሎና ክርስትያናዊ ጽቡቕ ነገርን ግቡእን እዩ። ከምኡ ኣብቲ ጋሻ ዝኾነ ክርስቶስ ክንቅበል እናተሰናዶና ከሎና ንሓውናን ሓፍትናን እውን ክንቅበል ግን ብዝያዳ ክነድህቦ ዝግብኣና ኣብ ክንዲ ኣብ ንዋታዊ ነገራት ኣብ መንፈሳዊ ነገራት ክኸውን ይግባእ።

ክርስቶስ ጋሻ ኮይኑ ብዝተፈላለየ መገዲ ይመጽኣና እዩ።

ኣብ ዘፍ 18፡1-10 ኣብርሃም ብእምነት ኣቦ ኩልና ዝኾነ ንሰለስተ ኣጋይሽ ብጥቓ ገዝኡ ንዝሓልፉ ዝነበሩ ከም ዝተቐበለ ነንብብ። ኣብዚ ኣብርሃም መጀመርያ ምስ እግዚኣብሔር ይዛረብ ጽንሕ ኢሉ ኸኣ ምስ ሰለስተ ኣጋይሽ ይዛረብ፥ ብዙሓት ተርጎምቲ ቅ. መጽሓፍ ዝብልዎ እዞም ሰለስተ ኣጋይሽ ብርእሶም ስላሴ እዮም ነሮም ይብሉ ብዝኾነ እዚ ኾነ እቲ እዞም ኣጋይሽ ኣምላኽ ብርእሱ ወይ ከኣ ልኡኻት ካብ ኣምላኽ እዮም ነሮም። ኣብርሃም ነዞም ኣጋይሽ ዘድልዮም ነገር ጥራሕ ኣይ ኮነን ቀሪብሎም ኣብ ድንኳኑ ጽቡቕ ገሩ ተቐቢሉ ኩሉ ዝበልዎ ብኣኽብሮት ሰሚዑ። ኣቀባብልኡ እንታይ ዓይነት መንፈሳውነት ከም ዘልኦ ይገልጽ። በቲ ዝገበሮ ኣብ ቅድሚ ኣጋይሹ ክብሪ ረኺቡ ምሉእ ቤቱ ከኣ ተባሪኹ።

ንሓደ ሰብ ብዝያዳ ዘይንፈልጦ ጽቡቕ ክንገብረሉ ከሎና እቲ በረኸት ንኣና እዩ ኣብ ግብሪ እውን ክንርእዮ ንኽእል ኢና። መጠን ኣብ ሰናይ ግብሪ ዝወፈርናሉ መጠኑ ዕግበትን ሓጎስን ይፈጥረልና። ኣብርሃም ብጥቓ ገዝኡ ንዝሓልፉ ዝነበሩ ኣብ ቤቱ ከላግሱ ዓዲምዎም በዚ ዝበለጸ በረኸት ኣብ ቤቱ ወሪዱ ንሕና እውን ንሰባት ጽቡቕ ክንገብር እንከሎና በረኸት እዩ ዝወርደና ስለዚ ንሰብ ኣብ ጽቡቕ ምግባር ክንጽዕር ኣሎና።

ቅ. ጳውሎስ ንጴርን ሕጽር ብዝበለን ክገልጸልና እንከሎ እቲ ኣምላኽ ንዓለም ዝገለጾ ምስጢር ክርስቶስ ብገዛእ ርእሱ ኣብ መንጎና ዘሎ እዩ ይብል። ብርግጽ እዚ እቲ ጋሻናን ናይ ክብሪ ተስፋናን ንሱ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ከም ሓደ ዓርኪ ንሓደ ዝበጽሕ ኮይኑ ይመጽኣና። ነዚ ምስጢር ክንቅበል ከሎና ሓደ ካብቲ ኣቐዲምና ክንገብሮ ዘሎና ጉዳይ እዩ ማለት ምስ ኣምላኽ ቀዋምን ንነውሕ ጊዜ ዝቕጽል ርክብ ክንገብር ዘኽእለና እዩ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ብሕጽር ዝበለ ወጣሪ ኩነት የቕርበልና ናይ እዚ ምኽንያት ከኣ ነጋይሽና ግዙፋዊ ሓገዝ ከምዘየድልዮም ዝመስል ገሩ ስለ ዘቕርቦ እዩ። ኢየሱስ ንማርታ ክምልሰላ እንከሎ ብብዙሓ ነገር ትጭነቕን ትስህርን ኣሎኺ እቲ ዘድሊ ነግር ግን ሓደ ነገር ጥራይ እዩ ኢልዋ። እዚ ኣብ ግዙፍ ነገራት ብዝያዳ ከይነድህብ እንታይ ድኣ ናብ መንፈሳዊ ነገራት ክነተኩር ዝነግር እዩ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ኣብ ሕይወትና ቀዳምነታት እንህቦም ሰሪዕና ክንክእል ዝነግር እዩ። ምናልባት ኢየሱስ ንማርታ ኣብዚ ዝሰማዕናዮ ዝበላ ኣብ ገዝአ ከምቲ ዝድለ ገሩ ኣይተቐበለቶን ትኸውን፥ ነቲ ዝብሎ ዝነበረ ዝያዳ ክትሰምዕ ይግብኣ ነሩ ይኸውን። እቲ ዝበለጸ ተቕባል ንሰባት ጽቡቅ ተቕባል ማለት እቲ እተርእዮ ኣገባብን ቃላትን ኣቀራርባ እዩ እምበር ብስም ዝብላዕ ዝስተ ቀሪብካሎም ጽቡቕ ተቐቢልካዮም ማለት ኣይ ኮነን። ዝስተ ማይ ቀሪብካ ጽቡቕ መንፈስን ኣኽብሮትን እንተ ኣርኣኻ ዘዕግብ ተቕባል ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ገለ እዋን ሰባት ካባና ዝደልይዎ ንዋታዊ ነገር ዘይኮነ ኣድህቦና እዩ።

ኣብዚ ዘመና ሰባት ቀዳምነታት ክህብዎ ዝብግብኦም ገላቢጦስ ገረሞ ኣለዉ። እዚ ኸኣ ኣብ ክንዲ ንነፍስና ንኣምላኽን ቀዳምነት ሰሪዕና እንዓዪ ኣብ ሓላፍን ግዝያውን ነገራት ኣድሂብና ንኣምላኽ

አወጊናዮ ኣብ ናይ ዓለም ነገራት ጸፋዕፋዕ ክንብል ንርእ ኣሎና። ንድሕነት ነፍስና ዝኸውን ጊዜ ስኢና busy ኮይነ እናበልና ኣብ ሰንፈላል ንነብር ኣሎና። ገለ ሰባት ኣብ ስራሕ ኣምላኽ ዝኸውን ጊዜ አልኦም ግን ነቲ ዋና ስርሕ ዝኾነ ኣምላኽ ዝኸውን ጊዜ የብሎምን። ብዙሓት ብማሕበራውን ዓለማዊ ነገራት ተዋሒጦም ኣብ ናይ ቤተ ክርስትያንን ስድራኦም ጉዳያት ዘንጊዖም ኣብ ዝተደናገረ ሕይወት ይነብሩ ኣለዉ። ንመንፈሳዊ ሕይወትና ዝኸውን ጊዜ ስኢና ኣሎና።

ኣብ ስድራታትና ኣብ ኩሉ ነገራት ብጽፈትን ብኣትኩሮን ንዓዪ ኣሎና ግን ኣብ እምነትን መንፈሳዊ ዕብየት ኣባላት ስድራ ቤትና ግን ወላ ሓንቲ ኣድሂብና ኣይንፈልጥን። ኣብ ማሕበራዊ ነገራት ከም ኣብ መርዓ ሞት ውራያት ዝኸውን ምሉእ ጊዜ ኣሎና ኣብ ናይ ኣምላኽ ነገር ብፍላይ ኣብ መንፈሳዊ ነገራትና ግን ጊዜ የብልናን። ተለቨዥን ንስዓታት ክንርኢ ጊዜ ኣሎና ንሓጺር ጊዜ ብግልን ብሓባርን ክንጽሊ ቅ. መጽሓፍ ክነንብብ ግን ጊዜ የብልናን።

ንኣምላኽ እንረኽበሉ ጊዜ ክንውስን ኣሎና እዚ ብስድራን ብግልናን ክኸውን ይኽእል። ማርያም ሓደ ካብቲ መለልይኢ ኣብ ሕይወታ ንኣምላኽ ዘንጊዓ ኣይትፈልጥን እዚ ኸኣ ኣብቲ ዝደገመቶ ጸሎት ነፍሰይ ንኣምላኽ ተዕብዮ ዝብል ንርእዮ። ንሕና እውን ደቂ ማርያም ኢና እሞ ሎሚ ንኣምላኽ ምስኡ ክነዕልል ክንሰምዖ ጊዜ ንርከበሉ።

ምስ ክርስቶስ ዘሎና ርክብ ክነደልድሎ/ክነጽንዖ ኣሎና እዚ ኸኣ ኣብ ምስኡ ከም ስድራ ቤት ኮፍ ብምባልን እንታይ ከምዝብለና ኣድህቦ ብምሃብን ክንገብሮ ንኽእል። ክርስቶስ ክነስተውዕል ክንሰምዖ ይደሊ እዩ ምኽንያቱ ገለ ነገር ክብለና ዝደልዮ ኣለዎ። ኣብ ነፍሲወከ መዓልቲ ምስ ስድራና ጊዜ ክንህቦ እሞ ምሳና ክኸውን ይደሊ ኣሎ። ስለዚ ንክርስቶስ ምስኡ ከይንኸውን ወይ ክንዕድሞ ዝኽልኣና ነገር ወይ ከይነስተብህለሉ ዘዘንግዓና ነግር ካባና ክንርሕቖ የድሊ። ንሱ ኩሉ ጊዜ ምስኡ ክንከውን ኣብ ቅድሚኡ ክንህሉ እዩ ዝደልየና። ከምቲ መዘምር ዳዊት ዝብሎ ጻድቃን ኣብ ቅድሚ ኅላዌ ኣምላኽ ይነብሩ (መዝ. 14/15)።

ኣብ መደምደምታ እምብኣር ከምቲ ኣብርሃም ነቶም ሰማያውያን ኣጋይሹ ብክፉት ልቢ ዝተቐበለ፥ ከምቲ ማርታ ንኢየሱስ ገዝኣ ከፊታ ዝተቐበለት፥ ከምቲ ጳውሎስ ምእንቲ ቤተ ክርስትያን ኢሉ ስቓያትን መከራን ክቕበል ፍቓደኛ ዝኾነ ወላ እኳ ነፍስወከፍ ፍጻሜ ፍሉይ ይኹን ኣብዚ ሰንበት ንሰባት ብሕጉስን ብሩህን ትሕትና ብዝመልኦ ክንቅበል ልብና ንኽፈት።

ዘመነ ፍልሰታ ብሕቘፊ ማርያም ኣቢልና ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ እሞ ብሓቂ ድላይ ኣደና ክንገብር ብምሉእ ልብና ንጀምር። ማርያም ለሚ እውን ደቃ ኣብ ወዳ ክንምለስ ቃሉ ክንሰምዕ መገዲ ሰማይ ክንተሕሃዞ እሞ ቅዱስ ሕይወት ክንመርሕ ድላያ እዩ። ኣብ ዝደኸምናሉን ዝዘንጋዕናሉን ጊዜ ሰኣሊ ለነ ማርያም ንበላ። ኦ ማርያም ኣደና ከማኺ ትሕትና ለቢስና ቅዱስ ሕይወት ክንመርሕ ሓግዝና ነበላ።

ቅድስናን ሰላምን ፍቕርን ዘውርድ ምህልላን ጾምን ፍልሰታ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ